# ተዘክሮ መዓልቲ ናጽነት (24.05.1991) ኣብ ላንደን

ካብ ቁልዕነትና ባህግናን ድሌትናን ዝነበረ፡ ድሕሪ ሰላሳ ዓመት ቃልስን፡ መስዋእትን ደብኽ ምስ በለት ንገሊኦም ኣሰንቢዳ፡ ንገሊኦም ኣፍዚዛ፡ ንገሊኦም ጭድድ ፍንጭሕ ኣቢላ፡ ንገለ ዝተሓዋወሰ ስምዒት ኣሕዲራ፡ ንብዙሓት ብታሕጓስ ስምዒቶም ከም ዘይቋጻጸሩ ገይርዎም። ንምእማኑ ንብዙሓት ግዜ ወሲዱ፡ ብዙሓት ዘሊሎም ወጪጮም፡ ኣኹዲዶም፡ ጨፊሮም..

ኣብ ግዜና ናጽነት ትመጽእዶ ትኸውን? ኣብ ግዜ ደቅና እንተመጸት'ውን ደሓን እናተባህለ ይዝረብ ነይሩ። በቲ ናይ 1977-78 ዝነበረ ምሕራር ከተማታት ንድሕሪኡ ዝነበረ ምዝላቕን ዝተሳንበዱ፡ እዛ ናይ 24 ግንቦት 1991 ከ ነባሪት ደኾን ትኸውን ዝብሉ'ውን ነይሮም።

ኣብ ነሓሰ 1990 ህ.ግ.ሓ.ኤ. ጸላኢ ካብ ኤርትራ ዝወጽኣሉ፡ ናይ ወርሓት እዋን ከም ዝኾነ ንመጀመርታ ግዜ ገሊጻ። እቲ ብቐረባ ኩነታት ዝከታተል ህዝቢ፡ "እዋእ ሎምስ ናጽነት ቀሪባ ግዲያ ካብ መኣስ ደኣ ህ.ግ. ከምዚ ትብል፡" እናበለ ተስፋ ይገብር ነይሩ። ከምኡ እናተባህለ ከኣ 24 ግንቦት 1991 ደብኽ በለት።

ዝኾነ ሃገራዊ ኤርትራዊ። መዓልቲ ናጽነት ክሰምዕ ከሎ፡ ኣበይ ከም ዝነበረ፡ እንታይ ከም ዝተሰምዖ፡ ጨዲሩዶ፡ ዘሊሉዶ፡ ፈዚዙዶ፡ ከምዛ ሕጂ ኮይና ከም ትስምዖ ተዘክሮኡ ከምዚ ህሉው ግዜ ከም ዝርእዮ ርዱእ እዩ።

ኣብ ላንደን ነቶም በቲ ግዜ'ቲ ብቐረባ ንከታተሎ ዝነበርና ፡ እታ መዓልቲ ናጽነት ከም ትቀራረብ ዝነበረት'ኳ ንርድኦ እንተ ነበርና፡ ገና ስራሕ ከም ዘድልዮ ይርደኣና ነይሩ። ሓደ ካብቲ ስርሓት እቲ ኸዑ ንሰኑይ 27/05/1991 ተመዲቡ ዝነበረ ዘተ ሰላም ኣብ መንጎ ህ.ግ.ን፡ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ.(ወይነ)ን፡ ኦ.ን.ግ.ን፡ ልኡኽ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣብ ላንደን ብመንጎኝነት መንግስቲ ኣመሪካን እዩ።

ነዚ መዓልት'ዚ ርእይቶን፡ ስምዒትን ኤርትራውያን ብሰላማዊ ሰልፊ ንምግላጽ፡ 'ርእሰ ውሳነ ንህዝቢ ኤርትራ' ፡ 'ሰላም ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን' 'ወተሃደራት ኢትዮጵያ ካብ ኤርትራ ይውጽኡ' .... ብዝብሉ ጭርሖታት ታበላታት ቅድሚ ሰሙን ተዳልዩ፡ ህዝቢ ኤርትራውያንን ኣዕሩኽ ኤርትራውያንን ዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ ክህሉን። መልእኽቲ ከኣ ነቲ በቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ቀዳማይ ሚኒስተር ጆን መጀር ተጻሒፉ ተዳልዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ግን፡ መዕልቲ ናጽነት 24 ግንቦት ደብኽ በለት።

መዓልቲ ናጽነት ዓርቢ 24 ምስ ተሰምዐ ኩሉ እቲ ስምዒት ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብምጭዳር፡ ብምስዕሳዕ፡ ሻምፓኝ ብምትኳስ፡ ብእልጡፍ ግዜ ብሃታሃታ ብዝተዳለወ ኣብ ፋጢማ ኮሙዩኒቲ ሰንተር፡ ሸፐርድስቡሽ (ምዕራብ ላንደን) ናይ ታሕጓስ ብክራርን ከበሮን ሻምፓኝን ሳዕስዒትን ቀድማይ ጽንብል ናጽነት ኣብ ላንደን ኣካየዱ። ካልኦት ከኣ ኣብ ገገዝኦም በብዝረኸብዎ ጽምዒት ናጽነት ገለጹ። ብዙሓት ብስልኪ ኣዕለሉ፡ ዝብልዎ ከኣ ጠፍኦም።

እዚ ኩሉ ምስ ኮነ፡ ንጽባሒቱ ንሰኑይ እንታይ ንግበር ተባህለ፡ እቲ ጭርሖታት ካብ መደብ ጥርዓንን ምቅዋምን፡ ናብ መደብ ታሕጓስን ጽንብልን ክብካብን ክቕየር ነይርዎ። በዚ ከኣ እቲ ጭርሖታት 'ኤርትራ ናጻ ኮይና'፡ 'ኤርትራውያን ተሓጎሱ'፡ 'ኣዕሩኽ ኤርትራ ተሓጎሱ፡' .... ዝብል እናተሓጎስና ቀየርናዮም።

ስለ'ዚ ሰኑይ 27/05/1991 እቲ ኣብ ላንደን ጥቓ ትራፋልጋር ስኴርን፡ ቤተ መንግስቲ ባኪንግሃም ፓላስን፡ ኣብ ማእከል ላንደን በቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ልኡኻት ተጋቢኡ፡ ግን እቲ ክዝተየሉ ዝተድልየ ከምቲ ኣመሪካ ዝደለየቶ ዘይኮነስ ኣብ ግብሪ ማለት ኣብ መሬት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዀነታት ስለ ዝተቐየረ፡ ማለት ሰራዊት ደርግ ተሳዒሮም ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን። እቲ ዝዝረበሉ ጉዳያት ብዘይካ ምትካል ግዜያዊ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ፡ መሰጋገሪ መንግስቲ ከኣ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ካልእ ዝዝረበሉ ኣገዳሲ ዛዕባ ኣይነበረን። መንግስቲ ኣመሪካ ሽዑ'ውን ኣይተሓጎሱን ምኽንያቱ ዘተ እንዳበሉ ከም ልማዶም ኮለል ከብልዋ ይደልዩ ስለ ዝነበሩ።

ኣብቲ መዓልቲ ዘተ ህዝቢ ብታሕጓስ ፍንጭሕ ኢሉ፡ ገሊኡ ከበሮ እናሃረመ ብምዝላልን፡ ገሊኡ እንጨደረን ኣብ ሃይድ ፓርክ ተኣከበ፡ ኣብኡ ዝግለጽ ዝነበረ ስምዒት ታሕጓስን ምስዕዓምን፡ ምትሕብባር ኣብቲ ሰልፍን፡ ቅድሚ ሽዑ ኣይተራእየን። ድሕሪኡ'ውን ከምኡ ዝተራእየ ኣይመስለንን። ኣብቲ ናይ ታሕጓስ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ኣብ ላንደን ነበረ ኤርትራዊ ዝተረፈ ኣይነበረን እንተ ተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ኣብኡ እንተላይ እቶም 'ናጽነት ብህ.ግ.ሓ.ኤ. ክመጽእ ኣይክእልን እዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ከሕብር ኣይክእልን እዩ፡' ዝብሉ ዝነበሩ፡ ኣብኡ ተረኺቦም ከም ህዝቦም ብታሕጓስ ዝዛርብዎ ኣይፈልጡን ነበሩ።

ፖሊስ ላንደን 'እቲ ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝወሃብ ጽሑፍ ኣበይ ኣሎ፡' ኢሎም ምስ ሓተቱ፡ መልእኽትና ከምቲ ኣብ ጭርሖታትና ዘሎ 'ኤርትራ ናጻ ኮይና' ዝብል እዩ፡ ካልእ መልእኽቲ የብልናን ኢልና ገሊጽናሎም። ኣብቲ ኣኼባን ሰልፍን ብዙሕ ዘረባን መደረ ኣይነበረን፡ ብዘይካ 'Eritrea is Free' እናበልካ ሓጎስካ ምጭዳርን ምግላጽን። ብዝሒ ተኻፋላይ ኣብቲ ግዜ'ቲ በቲ ዝነበረ መስርዕ ከም ዝገመትናዮ ቕድሚ ሽዑ ተራእዩ ዘይፈልጥ ካብ 3000 — 3250 ኣቢሉ ነይሩ።

ኣብ መደምደምታ እቲ ሰልፊ ካብ ሃይድ ፓርክ ክሳዕ እቲ ድሕሪ ሚኒስትሪ ምክልኻል ገምገም ፈለግ ተይምስ። ህዝቢ ዝይተጸበዮ (surprise) ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ህ.ግ. ኢሳያስ ኣፈወርቂ ስለ ዝቐረበ፡ ህዝቢ እናጨደረ ሰላም ክብሎ ብዙሕ ጽቕጥቅጥ ብምንባሩ ኣኸበርቲ ጸጥታ ቀልጢፎም ክወስድዎ ነይርዎም።

ብዝኾነ እቲ ዝዓበየ ተዘክሮ። ኣብ ምሉእ ህይወት ናይቶም ኣብኡ ዝነበርና፡ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ዝነበረ ይንበር ናይ ሽዑ ታሕጓስ እቲ ዝዓበየ ከም ዝኾነን ክሳዕ ምሉእ ህይወትና ከኣ ኣይንርስዖን ኢና።

ስለዚ ከኣ እዩ፡ እቲ ናጽነት ካብ ኩሎም ጉሒላታት ክሕሎ ዘለዎ። ምእንቲ ውሉድ ወሎዶና ንሃገርና እናሰራሕና እናጸዓርና ናጻ ኴና እናተሓጎስና ክነብር።

ዓወት ንሓፋሽ

ተወልደ ወ.ኪዳን (ዶር.)